ስደት ንህዝቢ ኤርትራ ጻዕሪ ሞቱ ንህግደፍ መጻወቲኡ

ስደት ሰብ ኣብዛ መሬት ተፈጢሩ ክበዝሕ ካብ ዝጀመረሉ ኣትሒዙ ዝተራእየ ክስተት እዩ። ይኹን ‘ምበር ጠንቅን ሳዕቤንን ስደት ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣመና ኅሊሑ ምህላው ሰነዳት ዘረጋግጾ ዘሎ ሓቂ እዩ። ጠንቂ ስደት ባህርያውን ሰብ ዘምጽኦን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ክኸፈል ይከኣል’ዩ። ኣብዚ ዘመን እቲ ኣውራ ንዓለምና ኣጨኒቁዋ ዘሎ ጠንቂ ስደት ሰብ ዘመጽኦ ከም ኩናትን ግጭትን ክኸውን እንከሎ እቲ ዝያዳ ዘተሓሳሰብ ግና ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ዘለው ጨፍለቅትን ጨቆንትን ስርዓታት ዝኸሰት ዘሎ ዘይንቡር ዋሕዚ ስደተኛታት እዩ። በዚ መዳይ እዚ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዐን ካብ ዝርከባ ሃገራት ዓለም ሓንቲ ከኣ ብህግደፍ እትመሓደር ዘላ ኤርትራ’ያ።

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብተኸታታሊ መግዛእቲ ከሳቅዮ ዝጸንሐ ሓለንጊ ስደት ድሕሪ 1991 ዓመት ምሕረት ሓንሳእን ንሓዋሩን ዘብቅዐ’ዩ መሲልዎ ብኣንጻሩ ግን ኤርትራ ኣብ ዘመነ ህግደፍ ልዕሊ’ቲ ዝሓለፈ መግዛእታት ብዝባኣሰ ቅልውላው ስደት ገጢሙዋ ኣሎ። ምስ በዝሒ ህዝባ ብምንጽጋር ዝስደድ ዘሎ በዝሒ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ክወዳደር እንከሎ ብበዝሑ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ክስራዕ ይኽእል’ዩ። እዚ ውሑድ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ዝሓለፈ 100 ዓመታት ፈቀዶ ሃገራት ብፍላይ ከኣ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክበታተን’ዩ ጸኒሑ። ገና ተሓቆቁፋ ከይተኣኻኽበ ከኣ እንሆ ሕጂ ካብቲ ዝሓለፈ ብዝበኣሰ ብፍላይ ከኣ እቲ ኩለንትናዊ ብቅዓት ዝዓጠቐ መንእሰይ ብብዝሒ ይስደድ ኣሎ።መንእሰይ ካብ ምስ ህግደፍ ትልኽ ህይወት ኣብ ስደት ሞት’ዩ ዝመርጽ ዘሎ።

ኤርትራ ኣብ ዘመን ህግደፍ ካብ ዘለዋ ብዝሒ ኮሌጃትን ላዕለዋይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርትን ብ10ታት ዕጽፊ ብዝዛየደ ኣብያተ ማእሰርቲ ተሃኒጽዋ ሃገር ብምልእታ ወዲ ሰብ ዝሳቐየላ ቤት ማሕቡስ ኮይና ኣላ። ኣህጉራውያን ትካላትን ተጣበቅቲ ሰብኣዊ መሰላትን ከይተረፉ ኤርትራ እታ ዝዓበየት ቤት ማእሰርቲ ማለት (ERITREA- A GIANT PRISON) እናበላ ይገልጸኣ ኣለዋ።

ኣብዚ ህግደፍ ብሓፈሻ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ክማስንሉ ኣብ ኩሉ ዞባታት ኤርትራ ኣበይ ኣሎ ዝኸፍአ ቦታ ኢሉ መመሪጹ ዝሃነጸ ኣብያተ ማእሰርቲ ክንደይ ኣማኢት መንእሰያት ሞይቶም ክንደይ ኣሽሓት ስነ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ስንክልና ገጢምዎም ክንደይ 10ታት ኣሽሓት ከኣ ገና ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ይማስኑ ምህላዎም ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉን መላእ ማሕበረሰብ ዓለምን ዘረጋገጸ ሓቂ’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ በፍላይ ከኣ መንእሰይ መጻኢኡ ጸልሚቱ ኩሉ ፖለቲካዊ ፡ቁጠባዊን ማሕበራዊን መሰላቱ ተመንዚዑ ኣገልጋሊ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ኮይኑ ዕድሚኡ ክባኽን እዩ ብህግደፍ ተብይንሉ። ይኹን’ምበር ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ እቲ ኣውራ ግዳይ ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ ነቲ ብህግደፍ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰነ ናይ ጊላነት ብይን ምስ ግዜ እናነቅሓሉ ስለዝመጸ ዝተረፈ ዕድሚኡ ካብ ብኽነት ንምድሓን ቀዳማይ ምርጫኡ ስደት እዩ ጌርዎ።

ስደት ናይ ገዛእ ርእሱ ከበድቲ ጸገማት’ውን ስለዘለዎ መፍትሒ ኩሉ ጸገማት ክኸውን ከምዘይኽእል ርግጽ’ዩ። ይኹን’ምበር ኣበየ ኩርንዓት ዓለም ተሰዲዱ እትረኽቦ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ምንባር እቲ ዝኸበደ ናብራ ስደት እዩ ዝመርጽ። ብምርጭኡ ከኣ ኣይጠዓስን’ዩ። እዚ ዘረጋግጸልና ነጥቢ ህግደፍ ማዕረ ክንደይ ኣሰቃቂ ስርዓት ኮይኑ ምህላው’ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ መንእሰያት ፈቐድኡ ኣብ ስደት ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ማእከላይ ምብራቅ ኤውሮጳን ኣመሪካን ከምኡ’ውን ቅድሚ ሕጂ ተሰዲድሎም ናብ ዘይፈልጥ ኩርናዓት ዓለም ከይተረፈ ከም ደቂ ዛግራ ክበታተን ምስ ጀመረ ገሊኡ ከኣ ካብ መሪር ሓለንጊ ህግደፍ ንምምላጥ መገዲ ስደት ሒዙ ኣብ በረኻታትን ኣብ ባሕርን ህይወቱ ክሓልፍ ምስ ተራእየ ጉዳይ ስደት ኤርትራን ሓደ ካብ ዓበይቲ ዛዕባታት ኣህጉራያን ትካላትን ማዕከናት ዜና ዓለምን እዩ ኮይኑ።

ብፕሮፖጋንዳ ደጊኡ ከጸባብቅ ዝህቅን ዝነበረ። ውሻጢኡ ግና ዝቦኽቦኸ ስርዓት ህግደፍ ሓቀኛ ባህሪኡን ናይዚ ዘመን ዝደሓረ ኣመሓዳሪኡን ኣብ ዝጎልሓሉ ህዝቢ ብሰንኪ ድሑርን ጨቋንን መግዛእቲ ህግደፍ ሃገሩን ዝፈትዎም ቤተሰቡን ደሓን ኩን ከይበለ ክሳብ ሞት ዘለዎ ከቢድ ናይ ስደት ስጉምቲ ክወስድ ምምራጹ ናይ ሓቂ ኣቃልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ዝሰሕብ’ዩ። ህግደፍ ከመ ልማዱ ጉዳይ እዚ መዘራረቢ መላእ ዓለም ኮይኑ ዘሎ ስደት ህዝቢ ኤርትራ ክዓብጥን ክሸፍንን እኳ እንተፈተነ ዘለናዮ ናይ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን ዘመን ዘሕብእ ስለዘይኮነ ስርዓት ህግደፍ ዕርቃኑ ባዕሉ ከቃልዕ ረገዲድ’ዩ።

ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘስደሞም ኣህጉራውያን ትካላት ጋዜጠኛታትን ዝተፈላለያ ሚድያታትን ንመራሕቲ እቲ ስርዓት ብቀጻሊ ዘውሕዝሎም ተባራዒ ሕቶ'ዩ። እቲ ዕርቃኑ ዝወጸ ስርዓት ህግደፍ ከኣ፡ ነቲ ግሁድ ሓቂ ክ'ኸውሎ ስለዘጸገሞ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ህግደፍ ዝሕመሎ ዘሎ ሓለንጊ ስደት ብብድዐን ብሕጫጨን እናመለሰ'ዩ ክሓልፎ ዝፍትን ዘሎ።

ስርዓት ህግደፍ ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላም መወዳድርቲ የብሉን ፡ኣመሪካን ኤውሮጳን'ውን ከማና ሰላም የብሎምን እናበለ ወግሒ ጸብሒ ዘጋውሖ ዘሎ ፕሮፖጋንዳ ነቲ መዘራረቢ መላእ ዓለም ኮይኑ ዘሎ ኣውራ ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ዝ'ኾነ ጭቆናን ዓመጽን፡ ብውሩቅ ቃላት ክ'ኸውሎ ይጽዕር ምህላው ዕሽነት'ዩ ወይ ከኣ ህግደፍ ትርጉም ሰላም ተዘናቢዕዎ መኣዝኑ ኣጥፊኡ ኩናት የለን ማለት ሰላም ኣሎ ማለት'ዩ ዝብል ግጉይ ስነ-ምጉት(logic) ሒዙ'ሎ ንባህሪ 'ቲ ስርዓት ኣዳዕዲው ዝፈልጥ ግና ብደዐ ጥራይ'ዩ ክ'ኸውን ዝ'ኽእል።

ኣብ ገለ እዋናት መራሒ ስርዓት ህግደፍ ንሕቶ ብዝሒ ዝስደዶ ዘለው መንእሰያት ክምለስ እንከሎ'ውን፡ "መንእሰይ ስደት ናፊቕ'የ ዝብሎ ኣነ...." ክብል'ዩ ተብድው ፤ስደት ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ንመሪር ሓለንጊ ስደት ዝናፍቖሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ፧ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ብስቓይን ቃንዛን ህዝቢ ኤርትራ ክብዳዕን ክላገጽን ስለዝደለየ እዩ።

ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ'ውን እቲ ብትዕቢቱን ንህዝቢ ብዘለዎ ንዕቀትን መወዳድርቲ ተሳኢንዎ ዘሎ መራሒ ህግደፍ "መንእሰይ 10ታት ኣሽሓት እናኸፈለ ናብ ጉረባብቲ ሃገራት ዝስደድ ዘሎ፡ ኣነ ከም ንምዝዋር ዝገብሮ ዘሎ ዑደት ማለት picnic እየ ዝብሎ ክብል ሓጭጨ'ዩ። ጉልበት መንእሰያት ብናጻ መዝሚዙ ገና ዘየረወየ ህግደፍ፡ ነቲ ዘመነ ባርነት ነዊሕዎ ብዘይካ ስደት ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ዝክፈል ከፈሉ ዝተረፈ ዕድሚኡ ካብ ብ'ኸነት ንምድሓን ዝገብሮ ዘሎ መሪር ናይ ስደት ጻዕሪ ስርዓት ኢሳይያስ ናይ ምዝንጋዕ ዑደት ወይ picnic ኢሉ ምግላጹ፡ ካብ ሓደ መራሒስ ይትረፍ፡ ካብ ሓደ ሰብኣውነት ዝስመይ ተራ ውልቀሰብ'ውን ኣይትጽበዮን ኢ'ኻ።ንባህርያት ስርዓት ኢሳይያስን ኣጫፈርቱን ህግደፍውያንን ኣጸቢቁ ዝፈልጥን ዝርዳእን ወገን ግና፡ ካብ ህግደፍ ሰብኣውነት፡ ርህራሄን ምድንጋጽን ምጽባይ ማለት ዓንዴል ክምቅረልካ ምሕላም ማለት'ዮ።

ንዕቀቱን ብድዐኡን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጥርዚ በጺሑ ዝርከብ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት'ውን ንኣንባቢ ዘስደመመ ቃለ መሕተት ምስ ፋይናንሺያል ታይምስ ኣካይዳ'ዩ። ብዛዕባ ኤርትራ ብዘይካ ሕቶ መሰላትን ፍትሕን ስደት ኤርትራውያንን ካልእ ዝሕተት ሕቶ ስለዘየለ፡ ጋዜጠኛ ፋይናንሺያል ታይምስ'ውን ነዚን ሕቶታት ብቅደም ተኸተል ንመራሒ ህግደፍ ምስ ዘርዘረሉ ከም ልማዱ ብደዐን ትዕቢትን'ዩ ተሓሊቡ።

ኤርትራ ኣብ ዘመን ህግደፍ ዘላቶ ኩነታት ካብ ማንም ዘይተኸወለ ክነሱ፡ መራሒ እቲ ስርዓት፡ ነቲ ብማዕከናት ዜና ዓለምን ማሕበረሰብን ወግሒ ጸብሒ ዝቃላሕ ዘሎ ሓቅታት ስደት ኤርትራውያን፡ "ብCIA ኣንጻርና ዝንዛሕ ዘሎ ዘመተ'ዩ..." ክብል ዝሃቦ መልሲ ኣበይ ኣሎ'ኻ ዘይበሉ'ኻ ኣብዚ ኣለ'ኹ....ተባሂሉ ጥራይ ዝሕለፍ መስደመም'ዮ።

መራሒ እቲ ስርዓት፡ ነቲ ብሰንኪ ድሑር ኣገዛዝኣ ህግድፍን ጨፍላቂ ኣካይድኡን ተባሂሉሉን ሰንቢቡን ሃገሩን ቤተሰቡን ራሕሪሑ ዝስደድ ዘሎ ህዝቢ፡ብCIA ን ተሓባበርቱን ዝቀናባበር ዘሎ ስርቂ ሰብ ማለት Human trafficking'ዩ ብምባል ክገልጾ ምፍታኑ ናይ ብሓቂ ኣብ ናይ መወዳእታ ናይ ዕብዳን ደረጃ በጺሑ ምህላው'ዩ ዘነጽረልካ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብህዝቡ ብሙሉኡ ብCIA ተሓባበርቱን ይሰርቅ ኣሎ ምባል ከም ሓደ ጽቡቅ ዘመናዊ ጽውጽዋይ ወይ fiction ናይ ህግደፍ ክወስድ ይከኣል'ዩ፡ እቲ ዘሕዝን ግን ብሓደ ንገዛእ ህዝቡ ክሓልን ውሕስነት ጸጥታኡን ሰላምን ከረጋግጸሉ ዝግባእ ዝነበሮ ወገን፡ ብሰንኩ ንዝስዓቦ ስደትን ሳዕቤናቱን ከምዚ ዓይነት ናይ ብድዐን ላግጽን መደረታት ምስማዕ'ዩ። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ሕሉም ውሽጣዊ መግዛእቲ ዘሳቐዮ እሞ ስደት ዝመርጽ ዘሎ ህዝቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕልና ንዘለዎ ሰብ ኣመና ዘጉሂ'ዩ።

ምኽንያቱ፡ እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ጻዕሪ ሞት ኮይኑዎ ዘሎ መሪር ሓለንጊ ስደት፡ ንህግደፍ ግና መጻወቲኡን መላገጺኡን ኮይኑ ስለዘሎ።

----------////----------